ዕለት፡ 27 ሚያዚያ 2015

# ምርካብ ወረቐት ስራሕ ኣምባ. ግርማ ንመንግስቲ ኩባ

ቀዋሚ ወኪል ኤርትራ ናብ ው.ሕ.ሃ ኣምባሳደር ግርማ ኣስመሮም ከም ተንቀሳቃሲ ኣምባሳደር ኤርትራ ናብ ሪፓብሊክ ኩባ ብምዃን ወረቐት ስርሑ ንምክትል ፕረሲደንት H.E. Ms. Gladys María Bejerano Portela ብዕለት 23 ሚያዚያ 2015 ኣቕሪቡ። እቲ መደብ ብናይ ክልቲኦን ሃገራት ሃገራትዊ መዝሙር ዝተሰነይ ኔሩ።

ኣብቲ ስነ-ስርዓት፡ ምክትል ፕረዚደንት ኩባ H.E. Ms. Portela ዝምድና ኩባን ኤርትራ ብጽቡቕ ይስጉም ከምዘሎ ብምዝርዛር፡ ሃገራ ነቲ ምስ ኤርትራ ኣብ ጽላታት ጥዕናን ሕርሻን ትገብሮ ዘላ ሽርክነት ክትቅጽሎን ክተግፈሖን ከም ዝኾነት ገሊጻ።

ኣምባሳደር ግርማ ብወገኑ ኩባ ኣብ መዳያት ጥዕናን ሕርሻን ምስ ኤርትራ ፈጢራቶ ዘላ ሽርክነት ኣወንታዊ ውጽኢት ይርከቦ ከም ዘሎ ብምግላጽ ብሽም ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ምስጋና ኣቕሪቡ። እቲ ሽርክነትን ምትሕብባርን ክገፍሕ ድልየት ኤርትራ ከም ዝኾነ'ውን ሓቢሩ።

ብተወሳኺ፡ ምክትል ፕረዚደንት ኩባ H.E. Ms. Portelaን ኣምባሳደር ግርማን ብዛዕባ ህልው ኩነታት ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ከምኡ'ውን ዞባ ላቲን ኣሜሪካን ካሪቢያንን ዘተዮም።

ኣብ መደምደምታ፡ ምክትል ፕረዚደንት H.E. Ms. Portela ኣብ ልዕሊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ዘለዋ ኣድናቆትን ክብርን ድሕሪ ምግላጽ ንፕረዚደንት ኢሰይያስ ምውቕ ሰላምታ ከብጽሓላ ንኣምባሳደር ግርማ ተላብያ።

ድሕሪ'ቲ ስነ-ስርዓት ምርካብ ወረቐት ስራሕ፡ ኣምባሳደር ግርማ ኣብ ሓወልቲ ሓርበኛታት ኩባ ናይ ክብሪ ዕምባባ ኣንቢሩ።